**ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT**

## ብምኽንያት መዓልቲ ሸቃሎ-ዓለም ግንቦት-ሓደ(መይ-ደይ) መግለጺ ሰውራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)

ግንቦት ሓደ(መይ-ደይ) በብዓመቱ እትብዓል ክብርቲ ዕለት መዓልቲ ሸቃሎ ዓለም እያ። እዛ ንመበል 116 ዓመት እትኽበር ዘላ ክብርቲ ዕለት፡ ሸቃሎ ዓለም ምእንቲ ደርባዊ ሓርነቶም ኣብ ዘካየዱዎ መሪር ተጋድሎ ንዝተኸፈለ ከቢድ መስዋእቲ ዝኽሪ ክትከውን ዝተሰመየት ዕለት እያ። ሸቃሎ ዓለም ብኣስራሕቶም ዝተሓረሞም መሰል ንምውሓስ፡ ንዘፍሰሱዎ ጉልበታዊ ይኹን ኣእሙሮኣዊ ዕዮ ግቡእ ክፍሊት ክረኽቡ፡ ናይ ኣገልግሎትን ጉድኣትን ካሕሳ፡ እኹል ናይ ዕረፍቲ እዋን ክኽበረሎም ብምዕላም፡ ዘካየዱዎ ቃልሲ ኣብ ዝማዕበላ ሃገራት ዝርከቡ ሸቃሎ፡ ኣብ መስርሕ መጠናዊ ለውጥታት እናረኸቡሉ ምኻዶም ዘይከሓድ ኮይኑ፡ ኣብ ዘይማዕበላ ሃገራት ዝርከቡ ግን፡ እዞም መባእታዊ ሰብኣዊ ዲሞክራስያዊ መሰላቶም'ውን ከይተኸበረሎም ኣብ ትሕቲ ሕሱም ምዝመዛ ዝነብሩሉ ኩነታት ኣሎዉ። ብቐንዱ ከኣ ዘላቒ ረብሓታቶም ዘውሕስን ደርባዊ ሓርነቶም ብምልኣት ዘረጋግጽን ስርዓት ክተኽሉ ኣይበቕዑን ዘለዉ።

ሸቃሎ ኤርትራ ከም ኣካል ኣምሳል ሸቃሎ ዓለም፡ ብምንጽጻር ምስ ካልኦት ኣብ ዝማዕበላ ሃገራት ዝርከቡ ሸቃሎ፡ ሓጺር ዕድመ ዘለዎም እኳ እንተኾኑ፡ መባእታዊ ቁጠባዊ ረብሓታቶም ንምሕላው ይኹን፡ ኤርትራ ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ነጻ ንምውጻእ፡ ካብ መወዳእታ ኣርባዓታት ጀሚሩ ክሳብ መወዳእታ ሓምሳታት ዝተኻየደ መሪር ሰላማዊ ቃልሲ፡ ከቢድ መስዋእቲ፡ ማእሰርቲ፡ ስቓይን ስደትን ዝተቓልዐ ክፋል ሕብረተሰብ ኤርትራ እዮም። ብ1952 ዝተመስረተ ጠቕላላ ማሕበር ሰራሕተኛታት ኤርትራውያን፡ ምፍራስ ፌደረሽን ብምቅዋምን፡ ምእንቲ ሃገራዊ ነጻነት ዘካየዶ ቃልስን ዝኸፈሎ ከቢድ መስዋእትን፡ ኣብ ታሪኽ ቃልሲ ሸቃሎ-ዓለም ብድምቀት እናተዘከረ ዝነብር እዩ።

ሸቃሎ(ሰራሕተኛታት) ሃገርና ከም ኩሎም ህዝብታት ኤርትራ ቀዳማይ ሕቶኦም፡ ምርግጋጽ ሃገራዊ ነጻነት ኮይኑ፡ ኣብ'ቲ ዝተናውሐ ነጻነታዊ ተጋድሎ ህዝብና ብዝለዓለ ተወፋይነት ዝተጋደሉን ከቢድ መስዋእቲ ዝኸፈሉን እዮም።

ዕላማ ሸቃሎ ኤርትራውያን ኣብ ነጻነታዊ ተጋድሎና ኣዝዩ ንጹር እዩ ዝነበረ። ኣብ ነጻ ኤርትራ፡ ናይ ጉልበቶምን ኣእምሮኣዊ ዕዮኦም ዋጋ ብተመጣጣኒ ዝኽፈሉሉ፡ ግቡእ ናይ ጉድኣት ካሕሳ፣ ኣገልግሎት ክፍሊት፣ በብእዋኑ ናይ ዕረፍቲ ጊዜ ዝረኽቡሉ፡ ኮታስ ኣብ ክሊ ሓቀኛ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት፡ ኣብ ፖሎቲካውን ማሕበረ-ቁጠባውን ኩነታት ሃገሮም ንጡፍን ወሳንን ተሳትፎኦም ክኽበረሎም እዩ ዝነበረ። እንተኾነ ግን፡ ድሕሪ ሓርነት ሃገርና፡ ትጽቢታት ሸቃሎ(ሰራሕተኛታት) ሃገርና፡ ከም ኩሎም ትጽቢታት ህዝብታት ኤርትራ፡ ብፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ተጠሊሞም እዮም።

ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ካብ ጸረ ሸቃላይ(ሰራሕተኛ) ባህሪኡ ተበጊሱ፡ ኣብ ጽባሕ ሓርነት፡ ንሸቃሎ ናይ ስራሕ ውሕስነት ብምኽላእ፡ ብኣሽሓት ንዝቑጸሩ ብዘይ ጉቡእ ካሕሳ ካብ ዓውደ ስርሖም ብምጽልጻል ንሽቕለት ኣልቦነትን ሕሱም ድኽነት ብምቅላዕ እዩ ዝፈለሞ።

ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ከም ኩሎም ውጹዓት ህዝብታት ኤርትራ፡ ንሸቃሎ ኤርትራውያን ብሽም ሃገራዊ ኣግልግሎት፡ ካብ ዝተዋፈሩሉ ዓውዲ-ስራሕ እናፈናቐለ፡ ንዘይተወሰነ እዋን ኣብ ውትድርና ክጽመዱን ንሞትን ስንክልናን ክሳጥሑ እናገበረ መጺ። ብሽም ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ ዝፍለጥ ህግደፋዊ ቁጠባዊ ስትራተጂ፡ ሸቃሎ ሃገርና ብዘይ-ክፍሊት ኣብ ጊላዊ ዕዮ እናተዋፈሩ ከገልግሉ እናገበረ ዝጸንሐን ዘሎን ስርዓት እዩ። ኣብ መስርሕ ብዝተኸተሎ ገባትን በሓትን ቁጠባዊ ፖሊሲ ምኽንያት፡ ዝተፈላለዩ ሰብ ሃብቲ ከሲሮም ዛንዛን ብምባሎም፡ ነባራት ሸቃሎ ምስ ምዕጻው ትካላቶም ካብ ስራሕ ደው ክብሉን፡ ሓደስቲ ናይ ኢቨስትመንት ዕድላት ብምጽባብ፡ ሓደሽቲ መንእሰያት

ወለዶ ሃገርና ናይ ስራሕ ዕድል ረኺቦም ንባዕሎምን ቤተሰቦምን ዝናብዩሉ ዕድላት ክንፈጎም ዝገበረ ብተፈጥርኡ ኣንጻር ሸቃሎ ዝኾነ ስርዓት እዩ።

ሃገር ዝምራሓሉ፡ ብህዝቢ ዝጸደቐ ቅዋም ኣብ ዘይብላ ሃገር ዝምስረት ማሕበር፡ ንረብሓ እቲ ዝተሰየመሉ ኣካል ሕብረተሰብ ረብሓ ደው ከምዘይብል ዘካትዕ ኣይኮነን። ስለዝኾነ'ውን እቲ ብህግደፍ ተሓርዩን ተመልሚሉን ዝቐመ ሃገራዊ ማሕበር ሰራሕተኛታት ኤርትራ(ሃኮሰኤ)፡ እሙን ኣገልጋሊ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ እዩ። ሃገራዊ ማሕበር ሰራሕተኛታት ኤርትራ(ሃኮሰኤ)፡ ምስሊ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳያስ ካብ ምጽብባቕ ሓሊፉ፡ ሸቃሎ(ሰራሕተኛታት) ሃገርና፡ በብእዋኑ ብስርዓት ኢሳይያስ ዝወርዶም ዘሎ ግፍዕታት፡ ማለት፡ ብዘይ ኣገባብ ምጽልጻል፡ ናይ ስራሕ ውሕስነት ምስኣን፡ ናይ ጊዜ ገደብ ዘይብሉ ሃገራዊ ኣገልግሎትን ጊላዊ ዕዮን ...ወዘተ ተቓዊሙ ክቃለስ ተራእዩን ተሰሚዑን ኣይፈልጥን። ሃኮሰኤን ሓለፍቲ ሃገራዊ ማሕበር ሰራሕተኛታት ኤርትራን ብሽም ሸቃሎ(ሰራሕተኛታት) ኤርትራውያን እናሸቀጡ፡ ዕድመ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ንምንዋሕ፡ ብሽም ህንጻ ሃገር፣ መሕወዪ ግብሪ፣ ስድራ ስዉኣት፣ ዘኽታማት፣ ድራር ሓይልታት ምክልኻል ..ወዘተ ብዝብሉ ማእለያ ዘይብሎም ካዝና ህግደፍ ንምምላእ ዝተማህዙ ግድነታዊ ናይ ገንዘብ ተዋጽኦታት ኣብ ምምንጣል ዝተዓጥቁ፡ ብሽም ሸቃሎ(ሰራሕተኛታት) ኤርትራውያን ዘላግጹ ዕሱባት እዮም።

ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ "ስራሕ ሎሚ ራህዋ መጻኢ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣጉል ፈሊጥ፡ ስጋን ኣዕጽምትን ህዝብታት ኤርትራ ብሓፈሻ ናይ ሸቃሎ ሃገርና ከኣ ብፍላይ እናገሃጸ ካዝና ህግደፍ ንምምላእ ካብ ምምናይ ሓሊፉ፡ ህልው ጥሜትን ዓጸቦን ህዝብታትና ዝዕጅቦ ኣይኮነን። ስለዝኾነ'ውን ንጥሜትን ዓጸቦን ዜጋታት ብሕንቓቐ እናተርጎመ ዘሽካዕልል ኣራዊት ስርዓት እዩ።

ሸቃሎ(ሰራሕተኛታት) ኤርትራውያን፡ ብፋሽስታዊ ስርዓት ዝተጠለመ ትጽቢታቶም ይኹን፡ ንመጻኢ ዕድሎም ጸልማት ዝኾነ ሃዋህው ፈጢሩ ዘሎን ናይ ሂወት ውሕስነት ዝነፈጎም ስርዓትን ንምውጋድ ብትብዓት ካብ ምቅላስ ወጻኢ ካልእ ኣማራጺ ከምዘይብሎም ክግንዘቡ ይግባእ።

ከም'ቲ ዝሓለፈ ጅግንነታዊ ናይ ቃልሲ ተሞኩሮኦም፡ ኣብ ሃገርና ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካልን፡ ኣብ ኩሉ መዳይ ረብሓታቶም ንምርግጋጽን ኣንጻር ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳያይስ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ዲሞክራስያዊ ተጋድሎ፡ ሕኑን ተሳትፎኦም ከረጋግጹ ኣብ'ዚ ክቡር ዕለቶም ቃል-መሓላ ዝኣትዉሉ እዋን ክኸውን ይግባእ። ውድብና ሰውራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ) ንቃልሲ ሸቃሎ(ሰራሕተኛታት) ሃገርና፡ ከም ኩሎም ቃልስታት ህዝብታት ኤርትራ፡ ኣብ ጎድኑ ተሰሊፉ፡ መሰረታዊ ረብሓታት ህዝብታትና ዘረጋግጽ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካል ኣብ ዝካየድ ዘሎ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ እጃሙ ከም ዘበርክት ብኣጋጣሚ እዚ ክቡር ዕለት መዓልቲ ሸቃሎ ዓለም የረጋግጽ።

**ግንቦት ሓደ(መይ-ደይ) መዓልቲ ሸቃሎ ዓለም፡**
**ንዘልኣለም ከቢራ ትንበር!!**
**ተሳትፎ ሸቃሎ(ሰራሕተኛታት) ኤርትራውያን፡**
**ኣብ ዲሞክራስያዊ ቃልስና ንምዕዛዝ ንቃለስ!!**

**ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት፡**
**ሰውራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)**
30 ሚያዝያ 2009